# ብርክት ዝበለ ቍጽሪ ዘለዎም ኤርትራውያን ተፈሪዶም

ክፍሊ ዜናን ባህልን
ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
19.07.2009

ኣብ መወዳእታ ወርሒ ሰነ 2009፡ መንግስቲ ንምዕላው ፈተነ ኣካይድኩም ብዝብል ክሲ፡ ስርዓት ህግደፍ፡ ብርክት ዝበለ ቍጽሪ ዘለዎም ኤርትራውያን፡ ኣብ ቅድሚ ወተሃደራዊ ቤት ፍርዲ ቀሪቦም፡ ነፍስወከፎም 20 ዓመታት ክእሰሩ ተፈሪዶም።

እዞም ዜጋታት እዚኣቶም፡ ቅድም ክብል ዝተኣስሩ ኰይኖም፡ ክሳብ ሕጂ ብዘይ ክስን ብዘይ ፍርድን ኣብ ማእሰርቲ ተዳጕኖም ዝጸንሑ ኢዮም። ቤተ-ሰቦም ይኹኑ፡ ንሰብኣዊ መሰላት ዝጣበቑ ማሕበራት ኣበይን ስለምንታይን ተኣሲሮም ዝፈልጥዎ የብሎምን። ክራኽብዎም ውን ኣይክእሉን ኢዮም።

ገለ ካብ'ቶም ምንጪታት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ኣስማቶም ዝረኸቦ እሱራት፡

1. ዓብደላ ዑመር ጅምዕ
2. ዑመረዲን
3. ማሕሙድ መስመር
4. ወድ ናድር
5. ወድ ዕሩፍ
6. ስታዝ ኢድሪስ ቕሩን

ሕጂ ኣብ ደቡባዊ ከባቢ ከረን ኣብ ዝርከብ ጁፋ ዝተባህለ ቦታ ተኣሲሮም ኣለዉ።